**ሰውራዊ ዲሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ** الجبهة الديمقراطية الثورية الاريترية

**ERITREAN REVOLUTIONARY DEMOCRATIC FRONT**

23 ሓምለ 2010

## <u>ናይ ሓዘን መግለጺ፡</u>

ዝኸበርኩም መላእ ስድራ ቤት፡
ዝኸበርኩም ኣባላት ማ/መሪሕነትን
መሰረታትን ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ።

ብሃንደበታዊ ናይ መኪና ሓደጋ፡ ብመስዋእቲ ዝሓለፈ ብጻይና ተስፋሁነይ መስፍን ምኽንያት፡ ዝተሰመዓና ኣዝዩ መሪር ሓዘን፡ ብስም ማ/ሽማግለን መሰረታትን ኣባላት ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰደግኤ) እናገለጽኩ፡ ነቶም ኣብ ከቢድን ኣዝዩ መሪርን ሓዘን ዝወደቕኩም ስድራ-ቤት ስዉእ ብጻይና፡- በዓልቲ ቤቱ፣ ደቁን መላእ ቤተ-ሰቡንን ከምኡ'ውን መቓልስቱ ኣባላት ማ/መሪሕነትን መሰረታትን ህደግኤ፣ ፈተውቱን ኣዕሩኽቱን ጽንዓትን ኣኻእሎን ይሃብኩም እናበልና፡ ንስዉእ ብጻይና ድማ መንግስተ ሰማያት ከዋርሶ ጸሎትና እዩ።

ዝኸበርኩም ስድራ-ቤትን ብጾትን፡- ሃንደበታዊ መስዋእቲ ብጻይ ተስፋሁነይ መስፍን፡ ኣዝዩ ከቢድ ኪሳራ ንቤተ-ሰቡ ጥራሕ ኣይኮነን። ንውድቡን መቓልስቱን ኣባላት ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ ጥራሕ'ውን ኣይኮነን። ከቢድ ኪሳራ ንደለይቲ ለውጢ ዝኾኑ ህዝብታት ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ነቲ ገና ኣብ ታተ ዘሎ ዕሽል ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ሓይልታት ሰውራና ድማ ብፍላይ እዩ። ስለዝኾነ'ውን ሃንደበታዊ መስዋእቲ ብጻይ ተስፋሁነይ መስፍን ዘይተጸበናዮ ከቢድ ኪሳራ እኳ እንተኾነ፡ ስዉእ ብጻይና ክሳብ'ታ ብሂወት ዝነበረላ ዕለት፡ ንምዕዋት ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ዕላማታት ህዝብታትና ዓቕሙ ከይበቐቐ ዝተቓለሰን፡ ከቢድ ሕድሪ ኣብ ዝባና ደርብዩልና ዝሓለፈ ብጻይ ብምዃኑ፡ ሃንደበታዊ መስዋእቱ ዘዕረፈልና ስንብራት ብምጽዋር፡ ተሸኪምናዮ ዘሎና ድርብ ጾር፡ ናብ ዋናታቱ ህዝብታት ኤርትራ ክነሰጋግሮ፡ ብሕራነን ብተወፋይነትን ክንቃለስ ከምዝግባኣና ንግንዘብ። ዝሓለፉ ጀጋኑ ሰማእታትና ዝገደፉልና ሕድሪ ኣብ መዓልቦኡ ንምብጻሕ ቃልና ወትሩ ህያው እዩ። ደጊምና ጽንዓትን ኣኻእሎን ይሃብኩም ንብል።

ዝኽርን ክብርን ንጀጋኑ ሰማእታትና!!

ብርሃነ የማነ፡

ኣቦ-መንበር ሰደግኤ።